# ኣናሻዕ ዝሹላዕ ደስታ !

ቀኒዕና ረጊጽና ኣብቲ ምኣዝን ሓቂ
እፎይ ኢልና ዓሪፍና ኣብቲ ዓምዲ ወርቂ ፡

ኣብ ማዕረ ብጸታ ኣኃዕቲራ ርኢናያ
በሊጻተን ርኢናያ ኣኸሊል ሓቂ ደፊኣ
ርውየት ናይ ሓፋሽ ፍጹም መሊኣ ፡

እንተጸላእትና ይጨራርሑ ኣለዉ ትርኪ-ምርኪ
ጡብ ዝሓድግ ቆልዓ ናይ ግድን እዩ ክበኪ
ክሕደት ጸጓረትኦም እዩ ፡ ትዓገሲ ከምቀደምኪ ፡

ፍትሒ ዛጊት ተውለብልብ ኣላ ኣብ ሰንደቕ ዕላማ
ቀያሕ ጻዕዳ ብሰማያዊ ምድሪ ኣጊጻ ተሰሊማ
ኣውሊዕ ብዓንኬል ተንሲኣ ንኣሕባር ተጠምጢማ
ባዕልና ዝሓረናያ ውቅብቲ ሰንደቕ ዕላማና ፡

ትኣንጎት ትኣንገብ ይብሉ ኣለዉ ፡ ንምዉት ትንፋስ ክሰኽው
ትንፋሱ ዛጊት ሞሊቓ እንታይኮን እዩም ከቕንው
ኣድባዎት ብቬርችዋል ተደዊቦ ተረጊጦ ጸኒው
ትዕግስቲ ከም ወትሩ ይግዕሩ ይነብው ዓይኖም ክሳብ ዝቑልው ፡

ውሻል እንተተወሸለ ክሳብ ሕንቕቲ
ምወላዊ ውህብቶ እንተመልአ ክሳብ ቅርቅርቲ
ወያናይ ሰላም ይሓይሽ ፡ ካብ ምእካብ ኣብትርቲ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

መቓልሕ እምባ-ምኂን ዘ-ማንሃይም ፡